Utdannings-
direktoratet

# PPTን ናይ ፍሉይ ትምህርቲ ደገፍን

ውላድካ ፍሉያት ጸገማት የጋጥሙዎ እንተሃልዮም፣ ንሳ ወይ ንሱ ናይ ፍሉይ ትምህርቲ ደገፍ መሰል ክህሉዎም ይኽእል እዩ። መዋእለ ህጻናት ይከታተል ወይ ትከታተል ብዘየግድስ፣ ውላድካ ካብ ውልደት ጀሚሩ ከምዚ ዓይነት ሓገዝ ናይ ምርካብ መሰል ክህሉዎ ይኽእል እዩ።

ናይ ፍሉይ ትምህርቲ ደገፍ፣ ንኣብነት፣ ብኣካላዊ ስልጠና፣ ነቶም ቆልዑ ብምንቕቓሕ ወይ ን ናይ መዋእለ ህጻናት ሰርሕተኛታት ምኽሪ ምሃብ ዓይነት ቅጥዕታት ክህሉዉዎ ይኽእሉ እዮም። ከም መጠን ወላዲ ኩል ግዜ ምኽሪ ናይ ምርካብ መሰል ኣለካ። እቲ ዝወሃብ ሓገዝ ምስ'ቲ ናይ ውላድካ ጠለባት ዝሳነ ክኸውን ኣለዎ።

ንስኻ፣ ወይ ንውላድካ ዝፈልጡ ካልኣት ሰባት፣ ብዛዕባ ናታ ወይ ናቱ ዕብየት ስግኣት እንተሓዲርኩም፣ ምምሕዳርን PPTን ውላድካ እንታይ ከምዘድልዮ ክገምግሙን ምኽሪ ክህቡን ኣለዎም።

PPT፣ እቲ ቆልዓ ናይ ፍሉይ ትምህርቲ ደገፍ የድልዮ ድዩ ኣይድልዮን ንዝብል ሕቶ ብቅጥዒ ሰነድ ናይ ኪኢላ ገምጋም ዝገብር ናይ ህዝቢ ኣገልግሎት(ብ ኖርዌይጂያን፦ sakkyndig vurdering) እዩ። እቲ ምምሕዳር ብዛዕባ እቲ ቆልዓ ናይ ፍሉይ ትምህርቲ ደገፍ መሰል ይሃሉዎ ዶ ኣይሃሉዎም ንዝብል፣ ከምኡ'ውን እቲ ሓገዝ እንታይ ክኸውን ከምዘለዎ ናይ ውልቂ ውሳነ ክቕበል ኣለዎ (ብ ኖርዌይጂያን፦ enkeltvedtak) ኩል ግዜ ኣንጻር እዚ ውሳነ ይግባይ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።

## PPT እንታይ እዩ?

PPT ኣብ ምትዕርራያት ፍሉይ ጠለብ ዘለዎም ቆልዑ፣ ሰባት ከምኡ'ውን ዓበይቲ ሰባት ንመዋእለ ህጻናትን ቤት ትምህርቲታትን ምኽሪ ይህብ። PPT ብዞባዊ ብርኪ ኣብ መንነ ዝተፈላለየ ሞያታት፣ ንኣብነት ምስ ኣገልግሎት ጥዕና ወይ ምስ Norwegian Child Welfare Services (ብ ኖርዌይጂያን፦ barneverntjenesten)፣ ከምኡ'ውን ብብሄራዊ ብርኪ፣ ንኣብነት ምስ ናይ ብሄራዊ ኣገልግሎት ፍሉይ ጠለባት ትምህርቲ (ብ ኖርዌይጂያን፦ Statped) ብሓባር ክሰርሕ ይኽእል እዩ። PPT ብስቱርነት ዝተቀየደ እዩ።

## ካብ'ቲ ምምሕዳር እንታይ ክትጽበ ትኽእል?

እቲ ምምሕዳር

- ናይ'ቶ ቆልዓ ቀንዲ ጠለባት ከምዝዕቀቡ ክረጋግጽ ኣለዎ።
- ንውላድካ ዝትንክፍ ውሳነ ቕድሚ ምውሳኑ ንዕኻን ንውላድካን ክሳትፍን ክማኽርን
- ምስ'ቲ ቁልዓን ወለዲን ቃለ መሕተት ክገብር ኣለዎ ከምኡ'ውን ብዛዕባ እቲ ቆልዓ ኣድላዪ ዝኾኑ ገምጋማት ክሳልጥ ኣለዎ
- ነዚ እንተሓቲትካ ከምኡ'ውን እቲ ቆልዓ ናይ ፍሉይ ትምህርቲ ደገፍ ከምዘድልዮ ናይ'ቲ ምምሕዳር ወይ ናይ'ቲ መዋእለ ህጻናት ውልቀ ሓሳብ እንተኾይኑ PPT ናይ ኪኢላ ገምጋም ክቕርብ ሕተት
- እቲ ቆልዓ ናይ ፍሉይ ትምህርቲ ደገፍ መሰል ይሃሉዎ ዶ ኣይሃሉዎ ንዝብል፣ ከምኡ'ውን እቲ ሓገዝ እንታይ ክኸውን ከምዘለዎ ናይ ውልቂ ውሳነ ክቕበል (ብ ኖርዌይጂያን፦ enkeltvedtak)
- ከም'ቲ ኣብ ውልቃዊ ውሳነ ዝተገልጸ ነቲ ቆልዓ ናይ ፍሉይ ትምህርቲ ደገፍምሃብ
- ንዓኻ ናይ ወለዲ ምኽሪ ምሃብ
- ዓመታዊ ጸብጻብ ኣብ ናይ ፍሉይ ትምህርቲ ደገፍን ኣብ ናይ ውላድካ ምዕባለን ዕብየትን ከምዝዳሎ ምርግጋጽ

## እንታይ ክትገብር ትኽእል?

ከም መጠን ወላዲ፣ንስኻ

- እቲ ምምሕዳር እቲ ቆልዓ ናይ ፍሉይ ትምህርቲ ደገፍ የድልዮ ድዩ ኣየድልዮን ንዝብል ንክምርምር ክትሓትት ትኽእል

- ቅድሚ ሪፈራል ምስ PPTን ምስ እቲ መዋእለ ህጻናትን ብዛዕባ ዘለዉኻ ስግኣታት ክትመያየጥ ትኽእል
- እቲ ምምሕዳር፡ PPT ንውላድካ ንክግምግም ቅድሚ ምሕታቱ ክትሳተፍን ፍቓድካ ክትህብን ኣለኻ
- እቲ ምምሕዳር ከተማ ውላድካ ናይ ፍሉይ ትምህርቲ ደገፍ ንክወሃብ ቅድሚ ምውሳኑ ክትሳተፍን ፍቓድካ ክትህብን ኣለካ
- ውላድካ ብዛዕባ ዝረኽቦም ዘሎ ናይ ፍሉይ ትምህርቲ ደገፍን ገምጋም ምዕባለን ዕብየትን ውላድካን ዓመታዊ ናይ ጽሑፍ ጸብጻብ ክትወሃብ ኣለካ
- ውላድካ ናይ ፍሉይ ትምህርቲ ደገፍ ይወሃቦ እንተዘይሃልዩ ይግባይ ክትብል ትኽእል ኢኻ
- ኣብ ናይ’ቲ ፍሉይ ትምህርቲ ትሕዝቶ፣ ትግባረ ወይ ውዳበ ይግባይ ከተቕርብ ትኽእል ኢኻ